2014-05-09

# *ሜቲሲሊን ዚጻወሩ ስታፊሎኮኩስ ኣውሬዩስ (ኤም.ኤር.ኤስ.ኤ.)*
# (*Meticillinresistenta Staphylococcus aureus* (MRSA)

ሓበሬታ ንሕሙማት። ብሮሹር ሓካይም ለበደ።

**ኤም.ኤር.ኤስ.ኤ. (MRSA) እንታይ'ዩ?**

ትርጉም ኤም.ኤር.ኤስ.ኤ. *ሜቲሲሊን ዚጻወሩ ስታፊሎኮኩስ ኣውሬዩስ* ማለት'ዩ። ኤም.ኤር.ኤስ.ኤ. ማለት ኣምበኣር: እዞም ባክተሪያ ስታፊሎኮኩስ ንገለ-ገለ ጸረ-ተህዋስያን (antibiotika) ተጻዋርነት ኣሎዎም ማለት'ዩ። ብዝተረፈ ግን ካብ ካልኦት ኣብ ጸረ-ተህዋስያን ተነቃፍነት ዘሎዎም ስታፊሎኮኩስ ኣይፍለዩን'ዮም። ስታፊሎኮኩስ ኣውሬዩስ (Staphylococcus aureus) ምንም ጥዕናዊ ጸገም ከየስዓቡ ብልሙድ ኣብ ቈርበትን ዓልገታዊ መምብራናን (slemhinnor) ዚርከቡ ዓይነት ባክተሪያ እዮም። ምንም ሕማም ከይሃለወካ: **ተሰካሚ** ናይዞም ባክተሪያ ክትከውን ልሙድ'ዩ። ባክተሪያ ስታፊሎኮኩስ ኣውሬዩስ: ስሕት ኢሎም ሕክምና ዘድልዮም **ሕማማት ረኽሲ**: ንኣብነት ከም ረኽሲ ቍስሊ: ምኍሊ ዘሎዎ ሓገል: ኢምፐቲጎ (svinkoppor) ኬስዕቡ ይኽእሉ'ዮም።

**ኣብ ኤም.ኤር.ኤስ.ኤ. ሓደጋታት ኣሎዉ'ዶ?**

ኤም.ኤር.ኤስ.ኤ. ተወሰኽቲ ሕማማት ረኽሲ ኣየኸትሉን'ዮም፤ ምፍዋሶም ግን ኬጸግም ይኽእል'ዩ። እቲ ዘሎ ሓደጋ: ክትሓዊ ነዊሕ እዋን ዚወስድን ብምኳኑን፤ እቶም ግድን ዚውሰዱ መድሃኒታት ጸረ-ተህዋስያን ከኣ ሓያለ ጐድናውያን ሳዕቤናት ስለ ዘሎዎምን'ዩ። ተጻዋርነት ዘሎዎም ባክተሪያ: ንለበደ ባክተሪያ ተነቃፍነት ዘሎዎም ሕሙማት: ኣብቲ ዚሕከሙሉን፤ ብዙሕ መድሃኒት ጸረ-ተህዋስያን ኣብ ኣገልግሎት ኣብ ዚውዕሉን ክፍሊ ሕክምና ኪላብዑ'ውን ሓደጋ'ሎ። እዚ ብፍላይ: ኤም.ኤር.ኤስ.ኤ. ኣዚዩ ብልሙድ ዚኸስተለን ኣብያተ ሕክምና ወጻኢ ሃገር ይምልከት።

**ኤም.ኤር.ኤስ.ኤ. ብኸመይ ይላባዕ?**

ተሰካሚ ኤም.ኤር.ኤስ.ኤ. ሳሕቲ እንተ ዘይኮይኑ: ናብ ካልእ ሰብ ኣየመሓላልፍን'ዩ። ኣብ ቈርበት ቀልጢፉ ዘይሓዊ ወይ ማይ ዝመዓዥ ረኽሲ/መበላይ ምስ ዚህሉ ግን ናይ ምልባዕ ሓደጋ ይዛይድ። ከምዚኦም ዝኣመሰሉ ኵነታት ናይ ምልባዕ **ረቛሒታት ሓደጋ** (*riskfaktorer*) ተባሂሎም ይፍለጡ። ከም ረቛሒታት ሓደጋ ዚቝጸሩ ሓደ-ሓደ ሕዱራት ሕማማት ቈርበት ከምኡ'ውን ብቈርበትን ዓልገታዊ መምብራናን ዚሓልፉ ስቶሚን (stomi) ቱቦታትን (katetrar) እዮም። ኣብ ውሽጥን ወጻእን ናይዞም ረቛሒታት ሓደጋ: ኣዝዮም ብዙሓት ባክተሪያ ኣለዉ። ናይ ምልባዕ ረቛሒታት ሓደጋ ዘሎዎ ተሰካሚ ኤም.ኤር.ኤስ.ኤ. ንኣባላት ስድርኡ: ኣብ መዋእለ-ህጻናት: ምስ እንስሳ ብምትንኻፍ: ኣብ እዋን ስፖርት ብኣካል ምትንኻፍ: ኣብ መላመዲ ቦታታትን ማእከላትን ኬመሓላልፍ ይኽእል። ለበደ-ኤም.ኤር.ኤስ.ኤ. ብኢድ ናብ ካልኦት ሰባት ይመሓላለፍ፤ ኣብ ከባቢ ዚርከቡ ነገራት'ውን ኪለግብ ይኽእል፤ ንኣብነት: ብሰላምታ-ኢድን ምንጻፍ መላመዲ ስፖርትን። ለበደ: ኣብ ሆስፒታላትን መእለይ ኣረጋውያንን: ከምኡ'ውን ኣብ ካልኦት ማእከላት ሕክምናን ኪመሓላለፍ'ውን ይኽእል።

**ካብ ኤም.ኤር.ኤስ.ኤ. ምሕዋይ ይከኣል'ዶ?**

ኤም.ኤር.ኤስ.ኤ. ድሕሪ ገለ እዋን ኣብ ቅምሶ ምርመራ'ውን ከይርከቡ ልሙድ'ዩ። እቲ ጊዜ ካብ ኣዋርሕ ናብ ዓመት ኪፈላለ ይኽእል፤ ብትንበያ ክትፈልጦ'ውን ኣጸጋሚ'ዩ። ሓላፍነት ኤም.ኤር.ኤስ.ኤ. ዘሎዎ ሓኪም: ምስ ሓካይም ምክልኻል ለበደ (smittskyddsläkare) ብሓባር: ቀጻጽራትን: ምኽታል መምርሕታት ኤም.ኤር.ኤስ.ኤን ኣድላይነቶም መዓስ ከም ዜብቅዕን ይግምግም። እዚ ገምጋም'ዚ: ኤም.ኤር.ኤስ.ኤ. እንተ ወሓደ ኣብ ናይ ሓደ ዓመት ወቕቲ: በተኸታታሊ ኣብ ናይ ሰለስተ እዋን ቅምሶ ምርመራ ኣብ ዘይርከቡሉ ወቕቲ'ዩ ዚግበር።

**ክትሓስበሉ ዘድልየካ**

- ለበደ ንምክልኻል: ኣድማዒ ጽሬት-ኢድ እቲ ኣዝዩ ኣገዳሲ ስጕምቲ'ዩ። ብፈሳሲ ሳምና ኢድ ምሕጻብ የድሊ።
- ተሰካም ኤም.ኤር.ኤስ.ኤ. ጥራይ ክሳዕ ዝኾንካን: ረቛሒታት ሓደጋ ለበደ ክሳዕ ዘይሃለወካን ምስ ካልእ ሰብ ብንቡር ክትሕወስ ትኽእል ኢኻ።

- ረቛሕታት ሓደጋ ለበደ እንተለዉኻ ንኻልኦት ክትልብድ ዘሎ ሓደጋ ይዛይድ። ሽዑ'ዩ ኸኣ ኣድማዒ ጽሬት-ኢድ ብፍላይ ኣገዳሲ ዚኸውን። ኣእዳውካ ብግቡእ ተሓጸብ። ናይ ውልቅኻ መወልወሊ ኢድን መጋበርያታት ሽንቲ ቤትን ተጠቐም። ኣብ ክንዲ ኣብ ባኞ ወይ ጋብላ ማይ መሊእካ ትሕጸብ: ብፈሳሲ ማይ (Dusch) ተሓጸብ። ቍስሊ እንተሎካ ብመጀነኒ ሸፍኖ፤ እቲ መጀነኒ ማይ እንተ ጠልቀዩ ኸኣ ቀይሮ። ኣብ ኣካልካ ዝኣተወ ቱቦ እንተሎ: ብትሕቲ ክዳንካ ይሸፈን። በእዳውካ ቍስሊ ወይ ቱቦታት ኣካል እንተ ተናኺፍካ ድሒርካ ኣእዳውካ ተሓጸብ።
- ቀጻሊ ረኸሲ ቈርበት: ቶሎ ዘይሓዊ ወይ ማይ ዝመዓዀ ቍስሊ/መበላይ እንተሎካ: ምስ ካልኦት ኣብ ብዙሕ ኣካላዊ ምትንኻፍ ዘሎዎ ንጥፈታት ስፖርትን ምንቅስቓስ ኣካልን እንተ ዘይተኻፈልካ ወይ ሓባራዊ ቦታታት ልምምድን ስፖርትን እንተ ዘይተጠቐምካ ይሓይሽ።
- ረቛሕታት ሓደጋ ለበደ እንተለዉኻ: እንስሳ ኣብ እትትንክፈሉ ወቕቲ ኣድማዒ ጽሬት-ኢድ ኪህልወካ ኣገዳሲ'ዩ፤ ምኽንያቱ: እንስሳታት'ውን ተሰከምቲ ኤም.ኤር.ኤስ.ኣ. ኪዀኑ ስለ ዚኽእሉ።

**ፍሉያት ምኽርታትን ምዕዶታትን**

- ሰራሕተኛታት ወይ ተመሃሮ ሕክምናን ክንክንን: ኣብ ሕክምናዊ ስራሕ ኪካፈሉ የብሎምን እንተደኣ ረቛሕታት ሓደጋ ለበደ ኣሎዎም። ብተወሳኺ: ሰራሕተኛታት ሕክምና: ኣብ ተነቀፍቲ ሕሙማት ዚርከቡለን ማእከላት ሕክምና ስራሕ ቅድሚ ምጅማሮም: እቲ ዚህብዎ ቅምሶ ምርመራ: ኤም.ኤር.ኤስ.ኣ. ከም ዘይብሉ ኪረጋገጽ ኣለዎ።
- ቈልዑ ብሓፈሻ: ኣብ መዋእለ-ሕጻናት ኪውዕሉን: ኣብ ንጥፈታት ኪካፈሉን ይኽእሉ'ዮም። ይዅን'ምበር: ቀጻሊ ረኸሲ ቈርበት: ቶሎ ዘይሓዊ ወይ ማይ ዝመዓዀ ቍስሊ/መበላይ እንተለዎም ግን ንቤት ትምህርቲ ኪኸዱ የብሎምን።
- ምስ እንስሳታት ርክብ ኣብ ዚሓትት ሞያዊ ስራሕ: እንስሳታት ከይልበዱ ምጥንቃቕ ኣገዳሲ'ዩ። ሓካይም ምክልኻል ለበደን ምስ ቬትሪናር (ሓካይም እንስሳ) ኣውራጃ ብሓባር ምኽሪ ይህቡ።

**ብመሰረት ሕጊ ምክልኻል ለበደ (smittskyddslagen) ክትክተሎም ዘለካ መምርሕታት**

- ሓኪምካ የድሊ'ዩ ዚብሎ ምርመራ ንምግባር ግድን ዳግማይ ምብጻሕ ሓኪም ክትገብር ኣለካ።
- ምንጪ ለበደ ኣብ ምድላይ ግድን ክትሳተፍ ኣለካ። እዚ ማለት ከኣ: መዓስ: ኣበይን ብኸመይን ለበደ ከም ዝለገበካን: ንኻልኦት ከተመሓላልፍ ትኽእልን ዘይትኽእልን ኪግምግሙ ንሰራሕተኛታት ሕክምና ሓበሬታ ምሃብ ማለት'ዩ።
- ሕክምና: ሕክምና ስንን መድሃኒታዊ ክንክን እግርን ኣብ ዚወሃበካ ወቕቲ: ለበደ-ኤም.ኤር.ኤስ.ኣ. ከም ዘሎካ ግድን ክትሕብር ኣለካ። ኣብ ፍሉይ መንበሪ ገዛ ወይ ኣብ ገዛኻ ውልቃዊ ሕክምና ወይ ክንክን ዚግበረልካ እንተ ኮይኑ'ውን እቲ መምርሒ ከምኡ'ዩ። ኣስቤዛ ኣብ ምግባር: ገዛ  ኣብ ምጽራይ: መድሃኒት ኣብ ምቕራብ ወይ ደገ ኣብ ምዝዋር ጥራይ ሓገዝ ዚግበረልካ እንተ ዀይኑ ግን መብዛሕትኡ እዋን ብዛዕባ ዘሎካ ለበደ-ኤም.ኤር.ኤስ.ኣ ምሕባር ኣየድልየካን'ዩ።
- ክትስቈር: ክትውቀጥ ከለኻ፤ ክትድረዝ ከለኻ (ማለት ማሳጅ ኣብ እትገብረሉ ወቕቲ)፤ ዘይመድሃኒታዊ ክንክን-እግሪ ኪግበረልካ ከሎ፤ ወይ ካልእ ዓይነት ክንክን ቈርበት ወይ ዓልገታዊ መምብራና ኪግበረልካ ከሎ: ረቛሕታት ሓደጋ ለበደ እንተለዉኻ: ብዛዕባ ዘሎካ ለበደ-ኤም.ኤር.ኤስ.ኣ. ግድን ክትሕብር ኣለካ። ክሳዕ ረቛሕታት ሓደጋ ለበደ ዚጠፍኡ ነዞም ኣብ ላዕሊ ዚጥቀሱ ክንክናት ካብ ምርካብ ክትጸንሕ'ውን ትኽእል ኢኻ።

ኤም.ኤር.ኤስ.ኣ. ብመሰረት ሕጊ ምክልኻል ለበደ: ካብቶም ንማሕበረሰብ ሓደገኛታት (allmänfarlig sjukdom) ተባሂሎም ዚፍለጡ ሕማማት ሓደ'ዩ። ምእንት'ዚ: ሓኪምካ ዚህበካ መምርሕታት ክትክተል ግቡእ ኣሎካ። ነቲ ኣብቲ እትቕመጦ ኣውራጃ (län) ዘሎ ሓኪም ምክልኻል ለበደ (smittskyddsläkaren): ነቲ ዝተዋህበካ መምርሕታት ዳግመ-ርእይቶ ኪገብረሉ ክትጠልብ ትኽእል ኢኻ።